ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
ሰውራዊ ባይቶ

جبهة التحرير الإرتـرية
المجلس الثوري

ERITREAN LIBERATION FRONT (ELF-RC)

## ዞባ ጀርመን

## ናይ ብሓቂ ናይ ሓልዮትዶ ይኸውን ???

ነቲ ንድሕነትን ረብሓን ህዝቢ ብምቕዳም፡ ወላውን ኣብ ልዕሊኡ ንዝተንጠልጠለን ዝተኣልመን ክሳብ ንጥፍኣቱ ዝዓለመ ሓደጋታትን ወስታታትን ከይዓጀቦ ካብ ብሩህን ልሉይን ሃገራውን ህዝባውን መርገጺኡ ፈልከት ከይበለ ኣብ ታሪኽ ዘመስከረ ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ሰ-ባይቶ ድጉል ጸላኢ ህዝቢ ኢሉ ክገልጽ ዝፈተነ ብመንነቶምውን ክገልጹ ትብዓት ዝጎደሎም ድጉላት ሎሚ መዓልቲ ኣብ መርበብ ኢንተርነት ኣዳልን ኤርትራናን ዝተጠቅዐ ነውራም ጽሑፍ ብምስድማም ተዓዚብናዮ።
ንነብሶም “ግዱሳት ኣባላት ተቓውሞ” ሰምዮም ዝጸሓፉ ድጉላት ኣብ ጽሑፎም ተሓለቕቲ፡ ቀደም ምሕዝነት ሕጂ ድማ ኪዳን ኮይኖም ክቐርቡ ምፍታኖም ብዝለዓለ ደረጃ ዘተኮሩሉ ጉዳይ በዓላት ኣብ ጀርመን ኮይኑ ንጠቐንኦም መራጎዲ ንዝተጠቕሙሉ ኣገላልጽኦም ብኸምዚ ዝስዕብ ንመዝኖ።

1. ጉዳይ ዓለምለኻዊ በዓል ደቂ-ኣንስትዮን ዝኽሪ በዓል ሰራዊት ሓርነትን ሓደ ካብቲ ዞባ ጀርመን/ ተ.ሓ.ኤ. ሰ-ባይቶ ኣብ ታሪኹ ዓመት ዓመት እናብዓሎ ዝመጸ በዓል እዩ። ናይዚ ዓመትዚውን ከምቲ ደረስቲዚ ጽሑፍ ዝገልጾ “ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ኩሎም ተቓወምቲ ዘለውዎ ናይ ሓባር በዓል ንምግባር ተነጊሮም ከብቅዑ .....” ዝብል ኣገላልጻ መሰረት ኣልቦ እዩ። እቲ ልክዕ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ናይ ዓመት መደብ ኮይኑ ብደረጃ ጽሑፍ፥ ኣብ ዝተፈላለየ ክለባትን ኤርትራውያን ዝርከብዎ ቦታታትን ብምዝርጋሕ፡ ከምኡውን ኣብ ዝተፈላለያ መርበባት ኢንተርነት ካብ ዕለት 01.03.2005 ጀሚሩ ተዘርጊሑ ከብቅዕ ብጉዳይቲ ደረስቲ ዝበልዎን ኣብቲ ዕለትቲ ዝተገብረ ናይ ሓባር በዓል ዝተሓበረ ድማ ብዕለት 09.03.05 ኣብ ኣዳል ድሕሪ ምጥቅዑ ኮይኑ መጀመርያ ብስም ኪዳን ዘይኮነ ብስም ምሕዝነት ዝተገብረዩ፡ ደሓርውን ኣዳለውቱ ተሓቲቶም ንሕና በዓል ትገብሩ ከምዘለኹም ኣይፈለጥናን ዝብል መልሲ እኳደኣ ሃቡ እምበር ቅድሚኡ ይኹን ሽዕኡ ብሓባር ንግበር ዝብል ዝቐረበ ርእይቶ ኣይነበረን።

2. ጉዳይ በዓል ነጻነት እንተኾነውን ከምቶም ካልኦት እቲ ዞባ ዘብዕሎም በዓላት ብነዊሕ ዝምደብ ጉዳይ እዩ። ንኣካላት ኪዳን፡ ሲቪካዊ ማሕበራት ብፍላይ ኣብ ከባቢ ሽቱትጋርት ኣብ መፋርቕ ወርሒ 2 ብጽሑፍ፡ ብሓፈሻ ከኣ ብመርበብ ኢንተርነት ካብ ዕለት 23.03.2005 ኣትሒዙ ዝተሓበረ ጉዳይ እዩ።

እዚ ነቲ ልክዕ ስእሊ ንምርኣይ ኮይኑ ንእግሪ መንገድና ክንሕብሮ ንደሊ ጉዳይ እንተልዩ ኪዳን ኻኹለን ኣባላት ውድባት ብማዕረ ዝምልከተን ደኣምበር ገለን ናይ ተሓላቒ ገለን ከኣ ናይ ዘይተሓላቒ ቦታታት ዝዕደለሉ ትካል ዘይምዃኑ እዩ።

ብጉዳይ ኪዳን ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ መደባቱ ክንርኢ እንተደኣ ኰንና ድማ ኪዳን ዝቕመሉ ኣዕኑድን ግዜን ኣገባብን ኻኹልና ብሩህ ኰይኑ ንኣባላት ኪዳን ዝኾና ውድባት ብዝተሓተ ነጥበ-ስምምዓት ዝጠመረ ደኣምበር ንውድባትን መደባተንን ስራሓተንን ስርርዓተንን ድማ ብሓፈሻ ዘፍረሰን ኣይኮነን። ብኻልእ ኣዘራርባ ብዝወሓደ ኣብዚ ህልዊ ክውንነት ውድባት ነጻ ህላውኤን ኣዕቍብን ክቃለሳ ምኳነን ኣብ ኪዳንውን ዝተሰማማዓሉ ህያው ጉዳይ እዩ።

ካብዚ ሓሊፉ ኪዳን ቆይሙ ምስ ተባህለ ብደረጃ ጀርመን ተ.ሓ.ኤ. ሰ-ባይቶ ነቲ ን19 ዓመታት ዘሰላሰሎ ፌስቲቫልውን ከይተረፈ ምናልባትዶ ብደረጃ ኪዳን ይግበር ይኸውን ብማለት ብመሪሕነት ውድብ ኣቢሉ ዝሓተተሉን መልሲ ዝተጸበየሉን ጉዳይውን እዩ ኔሩ። ስለዚ ናይ ፌስቲቫል ምስንዳው ንጥፈታቱ ኣዛሕቲሉ ኣብ ትጽቢት ክነሱዩ ኣብ ኣዳል ኣብ ካስል ውድባዊ ፌስቲቫል ክግበር ምዃኑ ዝተሓበረ። ድሕሪኡውን እንተኾነ ከይሰልከየ ኣብ ትጽቢት ድሕሪ ምጽናሕ ኣብዚ ቀረባ መዓ ልታትዩ ኣብ ምስንዳው ፌስቲቫል ዝርከብ ዘሎ። ኣብቲ ኣብ ፍራንክፈርት ይኹን ሽቱትጋርት ዝተገብረ ርኽክባት ብሸነኽ ጨናፍርና መሪሕነት ኪዳን ኣብ ደገ ንዝገብሮ ስርርዓቱን መደባቱን መምርሒ ከውርድ ክቀላጠፍ ክንላቦ ዝብል ርእይቶታትዩ ከውርድ ጸኒሑ። ወላ ብዘይመምርሒ ዝተዳለወ መደባት ከየፍረስካ በዓላት ብሓባር ክግበር ዝተቓወመ ሸነኽውን ኣይነበረን።

ኣብዚ እምበኣር ቀዳምነታት ነየናይ ይህብ፥ እንታይ መደባት ይህልዎኳ ብልክዕ ዝምልሶ ፈጻሚ ኣካል ኤ.ዲ.ኪ. እንተኾነ ብሚዛናን በቲ ኣብ ህዝቢ ሓዲሩ ዘሎ ህንጡያን፡ ህዝቢ ዘሕልፎ ዘሎ እናሓደረ ዝኸፍእ ዘሎ ሂወትን፡ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዘንጸላሉ ዘሎ ንብርሰት ኣፍደገ ዝኸፍት ውግእን፡ መምርሒታቱን መደባቱን ብዝወሓደ ናብ ኣካላቱ ዝኾኑ ስርርዓት ውድባት ዘይምውራዱ ሕጂውን ጸገሙኳ ብልክዕ እንተዘይፈለጥና ኣዝዩ ደንጉዩ ከምዘሎ ኢና ንመዝን።

ስለዚ እቲ ክውንነት እዚ ክነሱ ዳግመ ድኽመታት ምሕዝነት ንኽድገም ዝድለየሉን ዘዚሊልካ ኣብ መቐየድን መምርሕን ዘይብሉ ጉዳይ ኣቲኻ እንደገና ክትረሓሓቕን ክትወናጀልን ደጊም ንረብሓ ህዝቢ ይኹን ሃገር ስለዘይኮነ እዚ ኩሉ ህንደዳ ንምንታይ ተደልየ?

ኣብ ልዕሊዞም ሓለይቲ ዝመስሉ ድጉላት ጸሓፍቲ ዘለና ሚዛን ከነቐምጥ እንተደኣ ኮንና ድማ፥

1. ብዝሓሸ መልክዑ ግን ዝወሓደ ሚእታዊት እንህቦ፡ እዞም ሰባትዚኦም ተመክሮኦም ከይመዘኑን ከየጽንዑን ብየዋህነት ካብ ዘለዎም ድልየታት ጥራይ ተበጊሶም ከመይ፥ በየን፥ መዓስ ዝብል ነጥብታት ከይረኣዩ ውጽኢቱ ብዘየገድስ ሕውስዋስ ጉዳያት ክድርብዩ ዝመረጹ ዘይሓላፍነታውያን፥
2. ብዝለዓለ ሚእታዊት ደረጃ ከኣ ንረብሓ ሃገርን ህዝብን ዘይኮነስ ነዚ ንህዝቢ ተስፋ ዝሃበ ምቅርራባት ውድባት ተቓውሞን ምቛም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘሰንበዶን ዘጓጀዎን ስርዓት ህግዲፍ ብዘይፍላጥ ይኹን ብፍላጥ ዘገልግል ፍሹል መደብ ዘበገሱ ጥራይ እዮም ክኾኑ ዝኽእሉ።

ከነብርሆ መታን ናይ ብሓቂ ጉዳይ ሃገርን ህዝብን ኪዳንን ዝዓጠምን ዘሻቕሎምን እንተዝነብር ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጻሕታርን መሰረት ኣልቦን ድርሰት ምስንዳውን ተስፋ ንዝሃበ ሃዋህው ንምብካል ምፍታንን ምጉያዮም፥ ንዕኦም ዘምዝን፥ ነቲ ተስፋታት ኣማህሚኑ ንስርዓት ህግዲፍ ንምሽዳን ክሕግዝ ዝኽእል ምዃኑ ምልላይን ምምዛንንውን ኣይምጸገሞምን።

ኣብ መደምደምታ ኪዳን ጠጠው ዝብልን ዝሕይልን፥ ወይውን ስርዓት ህግዲፍ ዝሰዓር በዓላት ብሓባር ብምብዓል ጥራይ ዘይኮነን፡ ከምቲ ግዝኣተሕጊ-ኣልቦ ስርዓት ህግዲፍ ዝኸዶ ኣከያይዳን ብምውጋድ፡ ኣብ ትሕቲ ብሩህ ዝኾነ መምርሕን መደብን ተጠርኒፍካ፡ ተኸባቢርካ ክስራሕ ምስ ዝከኣልንውን ስለዝኾነ፥ ምክብባር ሃልዩ ንናይ ሓባር መሪሕነትና / ፈጻሚ ኣካል ኪዳን / መምርሒታቱ ኣብ መሰረታቱ ናይ ምውራድ ጉዳይ ካብቲ ቀዳምነታት ጌሩ ክርእዮን ክቀላጠፍን ምሕታቱን ለበዋ ምቕራብን ኣማራጺ ዘይብሉ ቅኑዕ መበገሲዩ ንብል።

እንተቲ ደረስቲ ንህዝቢ ወኪሎም !!! ናብ ዝተዳለወ በዓል ህዝቢ ከይሳተፍ ከመሓላልፍዎ ዝፈተኑ መልእኽቲ ህግዲፍ ውን ኣብ 98/99 ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ፈስቲቫል ክኽልክሉ ምስናይ ታህዲዱ ዝዘርግሕዎ ጽሑፍውን ስለዝተሰግረ እዚ ኣበሃህላዚ ነቲ ምናልባታትና ዘሐይል ምኽኑ እዩ ዝሕብር።
እዚ ጽሑፍዚ ናይ ብሓቂ ብኣባላት ተቓውሞ ዝተደርሰ እንተኾይኑ ናይ ብሓቂ ናይ ሓልዮትዶ ይኸውን ??? ዝብል ሕቶ ስለዘልዕል ባዑር ኢገበይኪ !!! ንብል።

ምስ ሰናይ ትምኒት !!
ጸሃየ ክብሮም

ኢ.መ.ሽ. ዞባ ጀርመን
ተ.ሓ.ኤ. ሰ-ባይቶ